# ስርሒት ፈንቅል ! ብብርዕን ልሳንን እቶም ዝተሳዕሩ ፣ ሞራል ገዛእቲ ፣ ዝሰበረ ስጉምቲ !

ትርጉም ፡ ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡

### 3ይ ክፋል ፡ ናይ መወዳእታን ፡

^^ እቲ ዝነበረ ውግእ፡ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝተኻየዱ ውግኣት ዝተፈልየ'ዩ ነይሩ`^^ ፡

^^ መከናይዝድ ምስ መከናይዝድ ፤ ኮማነዶ ምስ ኮማንዶ ፤ ታንክ ብ ታንክ ፤ ከበድቲ ኣጽዋር ምስ ከበድቲ ኣጽዋር ብኣጠቓላሊ ክግለጽ እንተድኣኮይኑ ፡ ኣብ 2ይ ኲናት ዓለም ፡ ናይ ናዚ ጀርመንን ሶቭየት ሕብረትን ፡ ናይ ሂትለርን እስታሊንን ንምግላጽ ተባሂሉ ዝተቐርጸ ፊልም ይመስል ^^ ፡ ፊልም ግን ኣይኮነን ፡ ብሓቂ ዝተፈጸመ ደማዊ ኲናት እዩ ፡ ብጣዕሚ ከቢድ ኲናት !

ኣብ'ዚ ኢድ ብኢድ ዝተኻየደ ደማዊ ኲናት ፡ ጠያይት ተወዲኡ ፡ ብደናጉላን ብኣባትርን ኣብ መወዳእታውን ሳንጃ ብሳንጃ ዝተኻየደሉ ኲናት ኣሰቃቒ ህልቂት ኣኸቲሉ፡ ሻዕብያ ተደራቢ ሓይሊ ብምውሳኽ ብዘደንቕ ቅልጣፈ ፡ ንመደበር ሓይሊ ባሕሪ ምሉእ ብምሉእ ልክዕ ስዓት 10:00 ቅ.ቀ. ክቆጻጸር ክኢሉ ፡ ኣብዚ ስዓት እዚ እምበኣርዩ ፡ ብ/ጀ ጥላሁን ክፍለ ፡ ብ/ጀ ዓሊ ሓጂ ዝተማረኹ ፡ ካልኦት ሰራዊትና እቲ ዝተማረኸ ተማሪኹ ኣይማረኸን'የ ዝበለ ክኣ ምስ ምሉ ዕጥቁ ንቀይሕ ባሕሪ ተወርዊሩ ብእታው ፡ ቀለብ ዓሳ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ፡ እቲ ክሃድም ዝኸኣለ ክኣ ንወደብ ምጽዋዕ ክሰጋገር ክኢሉ ፡

ክብደት ናይቲ ኲናት ብጣዕሚ ሓይል እዩ ነይሩ ፣ ሰራዊትና እቲ ዝኽእሎ ኩሉ ገይሩ ክበሃል ይክኣል ፣ ሻዕብያ ግን ብኹሉ ጸብለልትነት ነይርዎን ረኺቡን ፣ ሻዕብያ ኣብ ምጽዋዕ ቤ/ተ መንግስትን ኣብ ውሽጢ ወደብ ከተማ ምጽዋዕን ብናይ እግሪ ሰራዊት ክዋጋእ ስለዘይደለየ ፣ ቀትርን ለይትን ብዘይ ምቁራጽ ብከቢድ ብረት ምድብዳብ ኣየቋረጸን ፣ ኣበየ ስፍርኡ ምቅጻል ሓዊ ኮነ ፣ ከተማ ምጽዋዕ ናይ ሬሳታት ኩምራ ኮነት ፣ ከባቢ ብሒማቕ ናይ ሬሳታት ሽታ ተበኪሉ ፣

ብድሕሪ'ዚ ፍጻሜ ፣ ካልእ ዝተፈለየ ኩነት ተፈጥረ ፣ ክልተ ካብ ወትሃደራትና ኣባል ናይ 6ይ ክ/ሰ ናይ ስፖርት ሻምበል ዝነበሩ ፣ ኣብቲ ቅድም ናይ ሓይሊ ባሕርና ዝተገብረ ኲናት ዝተማረኹ ፣ ጻዕዳ ባንዴራ ኣብ ዕንጨይቲ ሰቒሎም ፣ ካብ ሓለፍቲ ሻዕብያ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ን ብ/ጀ ተሾመ ደረሰ ሒዞም መጹ'ሞ ፣ ብ/ጀ ተሾመ መልእኽቱ ከፊቶም ብዝርኣይዎ ፣ ንዝምልከቶም ኣካላት ጸዊዖም ኣዘራረብዎም ፣ ዝነበረ መልእኽቲ ብሓጺሩ ኢድኩም ሃቡ ዝብል ነበረ ፣ ብ/ጀ ተሾመ ንዝመጸም መልእኽቲ ኣይቅበልን ብምባል ፣ ኲናት ንኽቅጽል ትእዛዝ ኣመሓላለፉ ፣ ካብ ዕለት 10/02/1990 ስዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 11/2/1990 ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ናይ ኲናት ሃዋህው ሃዲኡ ነይሩ ክበሃል ይከኣል ፣ ካብ ስዓት 24፡00 ጀሚሩ ግን ከተማ ምጽዋዕ ብናይ መድፍዕ ደብዳብ ተቓጸለት ፣ ናይ ምጽዋዕ ቤ/ተ መንግስቲ ምሉእ ብምሉእ ፈሪሱ ካብኡ ብዝገደደ ኣብቲ ወደብ ፣ ናይመደፍዕን ናይ ኣየር መከላኸሊ ጠያይትን ከም ማይ ተኻዕዉ ፣ ብለይቲ ሻዕብያ ብፈጣናት ጀላቡ ብዘደንቕ ክእለት ኣጥቂዑ ንናይ ምጽዋዕ ወደብ ክቖጻጸር ክኢሉ ሻዕብያ ኣብ ጽብሑ ብእግረኛ ሰራዊት ኣብቲ ውሽጢ ከተማ ኣትዮም ንዝተበታተኑ ሰራዊትና ክለቕምዎም ምስውዓሉ ፣ ኣብ መወዳእታ ብዕለት 12/02/1990 ሻዕብያ ንከተማ ምጽዋዕ ምሉእ ብምሉእ ክቆጻጸራ ክኢሉ ፣

# ስርሒት ፈንቅል ! ብብርዕን ልሳንን እቶም ዝተሳዕሩ ፡ ሞራል ገዛእቲ ፡ ዝሰበረ ስጉምቲ !

ትርጉም ፡ ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡

*ሕቶ ፡ ንምጸዋዕ ዝርከብ ሰራዊትና ሓገዝ ብባሕሪ ይኹን ብመሬትን ኽበጽሖ ትኣዚዙ ነይሩ ፡እቲ ዝትኣዘዘ ሓገዝ ስለምንታይ ግን ክበጽሕ ዘይክኣለ ?*

*መልሲ ፡ ሻዕብያ ኣብ ከባቢ ምጽዋዕ ምስበጽሐ ፡ ኣብቲ ብዕለት 8/2/1990 ዝተገብረ ኲናት ፡ እታ ካብ ምጽዋዕ ንኣስመራ ገጽካ 61 ኪሜ ርሒቓ እትርከብ ደንጉሎ ተቖጻጺሩዋ ብምንባሩ ፡ ኣብ ደንጎሎ ዝነበረ መበል 112 ብረጌድ ሰራዊትና ሓያል ምክልኻል ክገብር ከምዘለዎ ብሬድዮ መልእኽቲ የምሓላልፍ እኳ እንተነበረ ፡ ኣብ መጨረሽታ ዝነበረ መጥቃዕቲ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝነበረ ፡ ናብ ግንዳዕ ገጹ ክሃድም ተገዲዱ ፡ ንመበል 112 ብርጌድ ንሓገዝ ዝመጸ ናይ መበል 18 ተራራ ክ/ሰ ካልኣት መካናይዝድ ብረጌዳትን ተደማሚሮም ነቲ ኲናት በሲያም ክሓልፉ ኣይክኣሉን ፡ ካልእ'ውን ብባሕሪ 108 ወትሃደራት ዝጽዓነት ጃልባ  መጺኣ ወትሃደራት ኣራጊፋ ክትከይድ ንስንክላ እያ ካብ ምጥሓል ድሒና ዝሃደመት ፡  ካልኣት መራኽብ ናይ ሓይሊ ባሕርና ብሰንኪ ናይ ሻዕብያ ዝነበረ ከቢድ ደብዳብ ነቲ ዝነበረ ሃዋህው ምቁጽጻርን ፡ ኣብቲ ከባቢ ገጸን ክቕልቀላ ኣይክኣላን ፡ በዚ መኽንያት እቲ ዝተባህለ ሓገዝ ክበጽሓና ኣይክኣለን ፡  ኮይኑ ግን ሓገዝ  እናመጸና'ዩ  እናበልና ብራድዮ ንሰራዊትና ካብ ሞራል ምሃብ ዓዲ ኣይውዓልናን ፡ ሻዕብያ ግን ምሉእ ብምሉእ ነቲ ኲናት እኹል ምድላው ስለዝገበረት ንኹሉ ክትዕወተሉ ኣኽኢሉዋ እዩ ፡ ሓሓሊፈን ነፈርቲ ኲናት ይዝንብያ ነይረን ፡ ጸረነፈርቲ ናይ ሻዕብያ ብብዝሒ ስለዝነበረ ፡ ዕላምኡ ዘይወቅዕ ካብርሑቕ ይትኩሳ ነይረን ፡ እንትርፎ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ዝተኮስኦ ዓቢ ቦምብ መሬት ፈንቂሉ ማይ ዘንትዐ እንተዘይኮይኑ ፡ ዘምጽኦ ለውጢ ግን ፈጺሙ ኣይነበረን ፡ ካልእ ዝኾነ ይኹን ብመሬት ዝልኣኽ ሓገዝ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ ፡ ክመጸናዩ ኢልካ ዝሕለምውን ኣይነበረን ፡*

<u>*Nb ፡*</u>

*ንዝያዳ ሓበሬታ ናይዚ ጽሑፍ ትረኻ ይኹን ዕለት ብቐጥታ ካብቲ ጽሕፉ ተወሲዱ ኣብ ናይ ኤውረጳ ኣቆጻጽራ ተቐይሩ ምህላዉ ከዘኻኽር እፈቱ ፡*

*ስርሒት ፈንቅል ንዓና ንኤርትራውያን ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ስርሒት ዝውዓሉ ጀጋኑ ፡ ንታሪኹን ፍጻሜኡን ምስክር ዘድልዮ ኣይኮነን ፡ ግን ብኣፍን ብርዕን ኣብቲ ኲናት ዝውዓሉ ሰራዊት ጸላኢ ንስዕረቶም ትኣሚኖም ክትርኹዎ ክትሰምዖን ከተምብቦን እንከለኻ ስርሒት ፈንቅል ባና ናጽነት ዘብረቐን ፡ ስዕረት መግዛእታዊ ስርዓት ዘቀላጠፈን ምዃኑ ፡ ነቲ ዝተፈጸመ ቅያ ዝያዳ ንምስክሩ ምድራዕ ኢለ ስለዝኣመንኩ እየ ፡ እቲ ዝተፈጸመ ቅያን ዝረኸብናዮ መስተርሆን ከኣ ፡ ናይዘልኣለም ዘይነጽፍ ሂወትን ፡ መለለዪ ሕላገት ህዝቢ ኤርትራ ብምዃኑ ፡ እንቋዕ ካብዚ ጅግና ህዝቢ ተወለድኩ ፡ እንቋዕ ጓና ኮይነ ፡ ከምካልኦት ታሪኽ ንሰለታሪኽ ኢለ ዘንብቦ ኣይኮንኩ ኢልካ ፡ ፍስሃን ደስታን ኾሊዑ ሩፍታ ቅሳነት ይዕድለካ ፡*

*ስለዚ ክብርን መጎስን ነቶም ቅያታት ፈጺሞም ፡ ንሕሱም መግዛእቲ ደብዮም ሓርነትን ቅሳነትን ጆባእ ዝቦሉና ጀጋኑና !*

----------------------------------------ተፈጸመ --------------------------------